

# ኣመንቲ

ዳንኤል ተስፋይ

## ብሓድነቶም ይልለዩ

ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ መበል 23 ዓ መታዊ ጉባኤ ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን፡ ነሓሰ 8-14 2005፡ እቲ ናይ ምሉእ ሰሙን፡ ናይ ንግሆ-ንግሆ ዝተዋህበ ትምህርቲታት ብዛዕባ መለኮታዊ መለለዩ ባህርያት ናይ ሰዓብቲ ክርስቶስ እዩ ነይሩ። እዚ ዓብላሊ ኣርእስቲ እዚ ነብሰን ብዝኸኣላ ኣርባዕተ ኣርእስትታት ቀሪቡ። ሓንቲ ካብኣተን ከኣ "ኣመንቲ ብሓድነቶም ይፍለጡ፣" ይብል።

ሓደ ነገር እንታይነቱ ብቐሊል ኽፍለጥ እንተ ድኣ ኾይኑ መለለዪ የድልዮ። እምበኣር ክልለ ዝከኣል እንተ ኾይኑ፣ ብምኽንያት እቲ መለለዪኡ ካብ ካልእ ነገር ኣነጺርካ ብዘይ ገለ ጥርጥር ፈሊኻ ክትፈልጦ ኣየጸግምን። ንኣብነት ወትሃደር፣ ፖሊስ፣ ስፖርት ተጻዋቲ ወዘተ፣ ፍልይ ዝበለ ክዳን ዝኸደኑ ብቐሊሉ ንኽልለዩ እዩ።

ልክዕ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ከኣ እምበኣር ክርስትያናት ማለት እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ፣ ሓደ ካብቲ ብንጹር ክልለዩሉ ዚኽእሉ መገዲ ሓድነት ከም ምኳኑ መጠን፣ ሰባት ብሓድነቶም ብቐሊሉ ክለልዩዎም ክኽእሉ እዩ ዚግባእ። ሓድነት ክርስትያናት ሓደ ካብቲ መንነቶም ዘንጸባርቕ ከም ምኳኑ መጠን ኣድላይነቱ ክሳዕ ክንድቲ እዩ። ስለ ዝኾነ እምበኣር ብዛዕብኡ ክንዛረብን ክንዘራረብን ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ።

ቀጺሉ ኣተኵሮና ኣብዚ ጠቕላሊ ዝኾነ ሓሳብ፣ ብዛዕባ ሓድነት ኣመንቲ ኰይኑ፣ ኣስፍሕ ኣቢልና ኽንዛተየሉ ኢና። ንመምርሒን መብርሂን ዚኣክል ኣብዘን ዝስዕባ ሰለስተ ሕቶታት ነስተብህል።

1. ሓድነት እንታይ እዩ? ንሓድነት ኣብነት ዝኾነና ነገር'ከ እንታይ ኣሎ?
2. ጥቕሚ ሓድነት እንታይ እዩ?
3. ሓድነት ብኸመይ ክዕቀብ ይከኣል?

### 1. ትርጉም ሓድነት

ከም መእተዊ ነዚ ኣርእስትና ካብ ወንጌል ዮሃንስ 17፣20-23፣ የሱስ ዝጸለዮ ጸሎት ንርአ። እዚ ጊዜ እዚ ኩላትና ከም እንርድኦ፣ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣሕሊፎም ናብ ሞት ዝህብዎ እዋን ዝበጽሓሉ ጊዜ እዩ ነይሩ። የሱስ፣ ስለ ገዛእ ርእሱ ኪጽልን ኪጭነቕን እናተገብኦስ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ ስለ ደቀ መዛሙርቱን ስሌናን ከምዚ ኢሉ ጸለየ፣-

> "ስለቶም ብቓሎም ብኣይ ዚኣምኑ ድማ እምበር፣ ስለ እዚኣቶም ጥራይ ኣይኰንኩን ዝልምን ዘሎኹ። ዓለም፣ ንስኻ ከም ዝለኣኽካኒ፣ ምእንቲ ክትኣምንሲ፣ ዎ ኣቦይ፣ ከምቲ ንስኻ ኣባይ ዘሎኻ ኣነውን ኣባኻ፣ ከምኡ ድማ ንሳቶም ኣባና ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፣ ኵላቶም ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፣ እልምን ኣሎኹ። ብኣንድነት ፍጹማት ኪኾኑ፣ ዓለም ድማ ከምቲ ንኣይ ዝለኣኽካንን ዘፍቀርካንን፣ ከምኡ ንኣታቶምውን ከም ዘፍቀ ርካዮም ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፣ ንሕና ሓደ ከም ዝኾንና፣- ኣነ ኣባታቶም ንስኻውን ኣባይ፣- ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፣ ኣነ እቲ ዝሃብካኒ ኽብሪ ሃብክዎም።"

ካብዚ ጸሎቱ፣ የሱስ ንሱን ኣቦኡን ዘለዎም ሓድነት ኣብ ማእከል እቶም ኣመንቲ ንኽህሉ ክንዲ ምንታይ ድልየቱ ምኳኑ ንዕዘብ።

> ሓድነት ክርስትያናት ሓደ ካብቲ መንነቶም ዘንጸባርቕ ከም ምኳኑ መጠን ኣድላይነቱ ክሳዕ ክንድቲ እዩ።

ንምኳኑ ሕብረትን ሓድነትን ፍልልይ ኣለዎ'ዶ? እወ! ሓድነት ካብ ሕብረት ኣዝዩ ዝለዓለን ዝበለጸን እዩ። ኵሉ ሕብረት፣ ሓድነት ኣለዎ ክብሃል ኣይከኣልን፣ ኵሉ ሓድነት ግና ሕብረት ኣለዎ። ሰባት ንዝተፈላለየ ዕዮታት ንኸሳልጡ ኢሎም ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕብረት ይምስርቱ፤ ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ድማ ኣባላት ይኾኑ። ኩሎም እዞም ሕብረት ዝገበሩ ሰባት ግና ሓድነት ኣለዎም ክብሃል ኣይከኣልን።

ካብ ብቘልዕነትና ከም ዝተመሃርናዮ $1 + 1 = 2$ ከምኡ ድማ $1 + 1 + 1 + 1 + 1 = 5$ . . . ወዘተ፣ ሓድነት፣ እቲ ቃሉ ከም ዜስምዖ፣ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ ነገራት ሓደ ኪኾኑ ከለዉ እዩ ዜርኢ። በዚ መሰረት ጌርና እንተ ጽሓፍናዮ፣ $1 + 1 = 1$። ከምኡ'ውን $1 + 1 + 1 + 1 + 1 + 1 + 1 + 1 \ldots = 1$።

ነዚ ግሩም ኣብነት ኪኾነና ዝኽእል ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት እንተ ድኣ ርኢና ኣዳም፣ ኣብ ኤድን ገነት ብዕረፍትን ብሰላምን ይነብር ከም ዝነበረ ንርኢ። እግዚኣብሄር ቀሪብኡ ኰይኑ ዜዛርቦ፣ ኵሎም እንስሳታት ድማ ዚግዝኡሉን ምስኡ ዚጻወቱን እኳ እንተ ነበሩ፣ በይኑ ምንባሩ ጽቡቕ ስለ ዘይኰነ እግዚኣብሄር ደጋፊት እትኾኖ ሰበይቲ ገበረሉ። ካብኡ ቀጺሉ ዘሎ ኵሉ ትውልዲ ድማ ሰብኣይ ምስ ሰበይቱ ሓደ ኰይኑ ዝነብረሉ ናይ ቃል ኪዳን ስርዓት ከም ዘሎ ንፈልጦ ነገር እዩ።

እቲ ዝገርመኒ፣ ካብ ማህጸን ወላዲትና ወጺእና ምስ ኣዴና ሕብረት ድኣ ይህልወና እምበር ሓደ ክንከውን ኣይንኽእልን። በቲ ሓደ ወገን ድማ፣ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት፣ ማለት ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጻሕና ዘፈለጥናያ ሰብ፣ ብዓልቲ ቤትና ክትከውን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ኣብ ቅድሚ ሰብን ቃል ኪዳን ኣቲና ንወስዳ እሞ፣ ምስኣ ብስጋ ሓደ ንኸውን።

ነቲ ዝኣተናዮ ቃል ኪዳን ምእንቲ ከነስተውዕሎ እሞ፣ ብእኡ ጸኒዕና ምእንቲ ኽንነብር ኢሉ ድማ፣ እቲ ካህን ደጋጊሙ "…. ብጥዕና ኰነ ብሕማም፣ ብሃብቲ ኰነ ብስእነት፣ ብሓጐስ ኰነ ብሓዘን ንኽተፍቅራ ምስኣ ድማ ንኽትነብር ቃል'ዶ ትኣቱ?" እናበለ ይሓተና። እዚ ኪዳን እዚ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሓድነት ስለ ዘለዎ ክቡር እዩ። ስለዚ እዩ፣ ቃል ኣምላኽ ድማ "እቲ ኣምላኽ ዜጋጠሞ ማንም

ኣይፍለዮ፣" ኢሉ ዜጠንቅቕ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ዝመስል ካልእ ግሩም ኣብነት ኪኾነና ዝኽእል ኣብ 1ይ ቈረ 12፣12 ኣሎ። ኣብኡ፣ ጳውሎስ፣ ንሓድነት ብናይ ስጋ ኣብነት ገይሩ ይገልጾ።

"ከምቲ ስጋ ሓደ ክነሱስ፣ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ፣ ብዘሎ ኣካላት ስጋ ኸኣ፣ ብዙሕ ክነሱስ፣ ሓደ ስጋ ዝኾነ፣ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ እዩ። ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፣ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፣ ንሕና ኩላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ክን ከውንሲ፣ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፣ ሓደ መንፈስ ሰቴና። እቲ ስጋ ኸኣ ብዙሕ እምበር፣ ሓደ ኣካል ኣይኰነን እሞ፣ እግሪ፣ ኢድ ካብ ዘይኰንኩስ፣ ናይ ስጋ ኣይኰንኩን፣ እንተ በለ በዚዶ ናይ ስጋ ምኳኑ ይተርፎ እዩ?.... ሕጂ ግና ኣምላኽ፣ ንሱ ከም ዝደለዮ ገይሩ፣ ነቲ ኣካላት ንነፍስ ወከፉ ኣብቲ ስጋ ሰርዖ። ኵሉ ስጋ ሓደ ኣካል እንተ ዝኸውንከ፣ እቲ ስጋ ኣበይ ምሃለወ? ሕጂ ግና፣ ኣካላት ብዙሕ፣ ስጋ ግና ሓደ እዩ። ዓይኒ ንኢድ ኣይደልየክን ክትብላ ኣይከኣላን እዩ። ወይስ ርእሲ ድማ ነእጋር ኣይደልየኩም ክትብሎም ኣይከኣላን እዩ። እቶም ድኹማት ዝመስሉ ኣካላት ስጋ እባ ግዳ እዮም ኣዝዮም ዚድለዩ። ነቲ ኣብ ስጋ ዘሎ ሕሱር ዚመስለና ኸኣ፣ ብዝበዝሕ ክብሪ ንኸድኖ። ነቲ ሕፍረትናውን ኣዚና ብኽብሪ ንኽውሎ። እቲ ክቡር ኣካላትና ግና ነዚ ኣየድልዮን ኣዩ። ግናኸ ነቲ ኣካላትና ንሓድሕዱ ሓደ ሓልዮ ኪህልዎ እምበር፣ ኣብቲ ስጋ ምፍልላይ ምእንቲ ከይከውንሲ፣ ኣምላኽ ነቲ ኽብሪ ዝጐደሎ ኣካል ዚበዝሕ ክብሪ እናሃበ ነቲ ስጋ ኣጋጠሞ። ሓደ ኣካል እንተ ተሰቀየ፣ ኵሉ ኣካላት ይስቀ፣ ሓደ ኣካል እንተ ኸበረ ኸኣ፣ ኵሉ ኣካላት ሓቢሩ እዩ ዚሕጐስ።"

ኣብዚ ከም እንርእዮ ሓደ ስጋ ብዝተፈላለዩ ኣካላት እዩ ዚቘውም። እዞም ኣካላት ዝተፈላለዩ እንተ ዘይኰኑ ስጋ ዝበሃል ብፍጹም ኣይምሃለወን። ልክዕ ከምኡ ድማ፣ እታ ናይ ክርስቶስ ኣካል (ቤተ-ክርስትያን) ብዅሎም ኣመንቲ (የሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ብሕቲ መድሓኒኦም ገይሮም ዝተቐበሉ ሰባት) ዝቘመት እያ። እዞም ሰባት ኣዚኣቶም ብጸታ፣ ብዓሌት፣ ብመልክዕ፣ ብመሰረተ-እምነት እኳ ኸይ ተረፈ ዝተፈላለዩ እዮም። እዚ ሓድነት እዚ፣ ከምቲ ጳውሎስ ጠቒስዋ ዘሎ፣ ብሓንቲ መንፈስ ብዝተጠመቕናያ ጥምቀት ዝተመ ስረተት እያ።

ኣሕዋተይ፣ እዛ ጥምቀት ኣዚኣ እታ ብማይ ዝፈጸምናያ ስርዓት ከም ዘይኰነት ክንርድኦ ባህ ይብለኒ። ምኽንያቱ፣ እታ ናይ ማይ ጥምቀትሲ ናይታ ሰማያዊት ማለት ምስ ጐይታ ብምሟትና ዝተ ጠመቕናያ ጥምቀት ምስላዊ ኣብነት ድኣ እምበር መሰረት ናይ ሓድነትና ኣይኰነትን። መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ንምብራህ ዝድግፉ ሓያለ ጥቕስታት ኣለዉ ኣለዉዎ። ካብዚኣቶም ሒደት ክንርኢ።

የሱስ፣ "እታ ዝጥመቓ ጥምቀት"፣ እናበለ ብዛዕባ ሞቱ ይዛረብ ከም ዝነበረ ርዱእ እዩ። ኣብ ቈሎ 2፣12 ግልጽ ምስ እንብል ከኣ፣ "ብጥምቀትውን ምስኡ ተቐበርኩም፣ ብግብሪ እቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ተንሳእኩም" ይብል። ስለዚ እቲ ዝኣመነ፣ ጐይታ የሱስ ኪመውት ከሎ ምስኡ ከም ዝተጠመቐ ኣርጊጹ ኺፈልጥ ይግብኦ።

ክልእ'ውን ልክዕ ከምኡ ኣብ ኤፌ 4፣5፣ "ሓደ ጐይታ፣ ሓንቲ እምነት ሓንቲ ጥምቀት፣ ኢሉ ዚዛረበላ ስለ እታ ምስ የሱስ ሞይትና ምስኡ ዝተንሳእናላ ጥምቀት እያ።

ብተወሳኺ ኣብ ሮሜ 5፣4 ድማ ከምዚ ይብል፣ "ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኵላትና ብሞቱ ከም እተጠመቕና'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እምበኣርሲ ኸምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ፣ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ክንመላለስ፣ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና።"

ኣሕዋተይ ነስትውዕል! ኣብዚ ዓብዪ ምስጢር ስለ ዘሎ ከነቕልበሉ ይግባእ። ጐይታ ክስቀልን ክመውትን ከሎ ኵልና ምስኡ ሞይትና ኢና። ኪትንስእ ከሎ ድማ ምስኡ ተንሳእና። እዚ ሞትን ትንሳኤን ድማ እዩ ጥምቀትና። በዚ ጥምቀት ኣዚ ድማ እዩ ሓድነትና። እዚ ዅሉ ዝጠቕስናዮ ጥቕስታት እቶም ዝኣመኑ ኹሎም ምስ ጐይታ ዝተጠመቑ ንሳቶም ኣካላት ናይታ ሓንቲ ቤተ-ክርስትያን ናይ ጎይታ ምኳኖም ኣርጊጽና ምእንቲ ኽንፈልጥን ክስወጠናን እዩ።

እምበኣርሲ፣ ፈቲና ጸሊእና፣ እቶም እታ ህያው ተስፋ ዘላቶም ኣብታ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከኣ ልክዕ ከምቲ ናትና ግደ ዘለዎም፣ ኣባላት ስድራ ቤት የሱስ ክርስቶስ ኰይኖም ኣብቲ ውርሻ ምሳና ተኻፈልቲ ዝኾኑ ኩሎም፣ ኣሕዋትና ኣብዚ'ውን ልክዕ ከማና እዮም። ኣሕዋትና ምኳኖም ድማ ክንዝክር ግቡእና እዩ።

ግና ብግሩህ ዓይኒ ምስ እነስተብህለሉ ግደ ሓቂ ኸኣ ምስ እንዛረብ፣ እቲ ብግልጺ ዝርአ ዘሰነብድ ሓቂ፣ ከም ኣመንቲ መጠን ይትረፍዶ ሓድነትሲ፣ እቲ ሕብረትና እኳ ምስቶም ዝመስሉናን ዝሰማምዑናን ሰባት ጥራይ ኰይኑ ኩኖ እታ ከባቢና ኣይከይድን። አረ፣ ኣብቲ ከባቢና'ውን ምስ ኩሉ ኣይኰነን። ተሃንዲድና ኣእምሮኣዊ መንደቕ መካበብያ ኢና እንሰርሕ። "እዚ ናትና፣" "እዚ ድማ ምሳና ክህሉ የብሉን፣" ብምባል ኣብ ምሕራይን ኣብ ምፍልላይን ንኣቱ። ከምዚ ዓይነት ጠባይሲ ምስቲ ጎይታ ዝዛረበሉ ሓድነት ኣበየናይ ቦታ ይገጥም?

የሱስ፣ ንደቀ መዛሙርቱ ዕዮኡ ንኺዓዩ ንኣገልግሎት ምስ ለኣኾም፣ ኣብ መገዲ ሓደ ሰብኣይ ብስም የሱስ ኣጋንንቲ ከውጽእ ረኸብዎ። ብድፍረት ድማ፣ ነቲ ሰብኣይ ገንሕዎን፣ ድሕሪ ደጊም ከምኡ ንኸይገብር ኣምሪሮም ተዛረብዎ። እቲ ጐይታ ናይ እቲ ዕዮ ዝኾነ የሱስ'ከ ነዚ ምስ ነገርዎስ፣ ጆባ 'ዞም ደቀይ! . . . ጽቡቕ ጌርኩም ድዩ ኢልዎም? ኣይፋልን! ገንሖም እባ ድኣ።

እምበኣርሲ በዚ እዋን እዚ ዘሎና ክርስትያናት'ውን ኣተሓሳስባና ከምኡ

ከይከውን፣ ማለት ኣእምሮኣዊ መንደቕ መካበብያ እናሰራሕና ነቶም ንፈልጦምን ንቐርቦምን ጥራይ እንቕበልን እንሓቑፍን፣ ነቶም ካልኦት ግና ንነጽጎምን ደፍኦምን ንረግጸምን ከይንህሉ ኣዚና ክንጥንቀቐሉ ዘሎና ኣተኩሮ ዘድልዮ ጉዳይ ምዃኑ ወትሩ ንዝክር።

ኣረኣእያ ጎይታን ኣረኣእያናን ክፍለ የብሉን። እዚ ኸይከውን ድማ ንኹሉ ብዓይኒ ጎይታ ምእንቲ ኽንርእዮ፣ ብትግሃት ፍቓዱ ኽንፈልጥ ሓድነትና ኸኣ ከመይን ምስ መንን ምዃኑ ክንርዳእ ኣድላዪ እዩ። ስለዚ መንፈሳዊ ሓድነትና ምስቶም ብጐይታ ኣሕዋትና ዝኾኑ ኣመንቲ ጥራይ እዩ። እዚ ድማ፣ ጸዕዳ ይኹን ጸሊም፣ ጃፓናዊ ይኹን ናይጀርያዊ፣ ... ምስ ጐይታ ሞይቱ ዝተንስአ ኵሉ ሰብ ድኣ እምበር ምስቶም ኣነ ዝመረጽክዎም ሰባት ጥራይ ኣይኰነን።

ብዛዕባ ኣካላት ስጋ ኪዛረብ ከሎ ዘገርም ነገር ዝበሎ እንተ ድኣ ሃልዩ፣ ዘይጠቕሙ ዝመስሉ ገለ ድማ ክብሪ ዝጐደሎም ዝመስሉ ኣካላት ኣለዉና ዝብል እዩ። እዚ ብዛዕባ ቤተክርስትያን ካብ ተዛረቦስ እንታይ ማለቱ እዩ? እስከ ንሕሰብ፣ ኣብ ማእከልና፣ ዘይንግደሰሎም፣ ገለ ሰባት ዘድልዩና ዘይመስለና፣ ዘይን ቐርቦም ኣልዉዶ? እቲ ዘገርምን ዘተሓሳስብን፣ ቃል ኣምላኽ ኣረ ንሳቶም ኣዝዮም ከም ዘድልዩና እኳ ድኣ እዩ ዝነግረና። እቶም ኣብቲ ቤት ኣምላኽ ምሳና ብምህላዎም ንሓፍረሎም፣ እወ ምናልባሽ፣ ንሱ ሓወይ እዩ ኢልና ዘይንጽውዖም፣ ድኻም ወይ ሽግር ዘለዎም፣ ንኣታቶም እግዚኣብሄር ብሓለፋ ዝኾነ ክብሪ ሸፊኑ ከም ዘቘሞም ካብዚ ቃል እዚ ንመሃር።

ሓንቲ ናይ ኩዕሶ ጸወታ ጋንታ እንተ ወሰድና፣ ኣብኣ እንተ ወሓዱ 11 ተጻወትቲ ኣለዉዋ። ኵላቶም ዝተፈላለየ ቦታ ሒዞም ዝንቀሳቐሱ እኳ እንተኾኑ፣ ዕላምኦም ግና ሓንቲ እያ። ኣብ ማእከሎም ምምቕቓል እንተ ተፈጥረ፣ ሓንቲ እኳ ከስልጡ ኣይክእሉን እዮም። መብዛሕትና ከም ንፈልጦ፣ እቶም ኣብ ደምና ዝርከቡ ጸዓዱ ህዋሳት ናይ ደም (White blood cells)፣ ኣንጻር እቶም ሕማማት ከኸትሉልና ዝኽእሉ ባክተርያታት (Bacteria) እዮም ዝዋግኡልና።

ንኣብነት ሓደ ሰብ "ሉፐስ" (Lupus) ተባሂሉ ዚፍለጥ ሕማም ምስ ዚሕዞ፣ እቶም ጸዓዱ ህዋሳት ናይ ደም (White blood cells) ኣብ ክንዲ ኣንጻር እቶም ነቲ ሕማም ዘኸተሉ ግናያት ህዋሳትሲ፣ ከም ባክተርያ ገይሮም ስለ ዝረኣዩዎም፣ ኣንጻር እቶም ጥዑያት ህዋሳት ናይቲ ኣካል ይዋጋኡ። ስለዚ ኸኣ እቲ ኣካል ኣብ ክንዲ ኣንጻር ጸላኢኡ ነንሓድሕዱ ስለ ዝዋጋእ ስቓይን ድኻምን ይስዕቦ። ኣብ ሞት'ውን ኺበጽሕ ይኽእል።

ኣብ ሓደ ሓደ ቤተ ክርስትያናት "መንፈሳዊ ሉፐስ" ይርአ ኣሎ እሞ፣ ስለዚ ክንጽልን ክንቃለስን ናይ ግዲ እዩ። ኣብ ክንዲ ሓደ ኴንና ብሓባር ነቲ ዕዮ ንዓዪ፣ ኣብ ክንዲ ነቲ ዘሎና ጸላኢ ብሓባር እንምክት ኣብ ማእከልና ዕግርግርን ባእስን ይርአ። እቲ ወረ ድማ ኣብታ ንነብረላ ዘሎና ከተማን ሓለፍኣን ይኸይድ እሞ፣ "ኣብ ነንሕድሕዶም ፍቕሪ ዘይብሎም ድኣ እንታይ ክንከደሎም፣" እናበሉ ነቶም ክንእክቦም እሞ፣ ናብ ሓቂ ክንመርሖም ዚግብኣና ሰባት ንስእኖም። ብዓቢኡ ኸኣ ስም እቲ ልዑል ጐይታ ነጽርፎ። ጎይታ ይምሓር!

ክርስትያናት ማለት እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ፣ በታ ዘላቶም ሓድነት፣ ሰባት ብቐሊሉ ከለልዩዎም ክኽእሉ እዩ ዚግባእ ኢልና። ዚግባእ ክንብል ከሎና ኽግበር ዘለዎ ነገር ድኣ እምበር ከም ምርጫ እንተ ደሌኻ ትገብሮ እንተ ዘይደሌኻ ድማ እትጥንጥኖ ነገር ማለት ኣይኰነን።

## 2. ጥቕሚ ሓድነት

ሕብረትና ምንጪ በረኸትናን ሓይልናን መዕበዪናን ምዃኑ ኣብ ቃል ኣምላኽ ንጹር ዝኾነ መግለጺ ኣሎና። ንእብነት ኣብ መዝሙር ዳዊት 133፣1 "እንሆ ኣሕዋት ሓቢሮም ኪነብሩስ ክንደይ ሰናይን ክንደይ ጥዑምን እዩ፣" እናበለ ይዛረብ። ከምኡ ድማ ኣብ ቍ 3፣ "እግዚኣብሄር ኣብኡ በረኸትና ህይወት ንዘልኣለምን ኣዚዙ እዩ፣" ይብል።

ምስ ኣሕዋት ሓቢርካ ምንባር ብሓቂ ጥዑም'ዶ እዩ? ነዚ ሕቶ እዚ እስከ ብኣብነት ክንምልሶ ንፈትን። መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ፣ ዕንባባ ጽጌሬዳ ኣዝየን እየን ዘፈትውኦ። (እግሪ መገደይ ክብሎ ዝደሊ፣ እቶም ሓዳር ዘሎና፣ ቀልጢፉ ንዝረግፍ ዕንባባ ካብ ዝገዝኣላስ ገንዘብ ውስኽ ኣቢለ ጽቡቕ ክዳን ዘይከድና ኢልና ብናይ ሰብኣይ ኣተሓሳስባ ንሓስብ ሒደት ኣይኰንናን። እንተኾነ ግና፣ በቲ ኣዒንታ እቲ ጽጌሬዳ ኣዝዩ ዜሐጕሳ እዩ'ሞ ሒዝና ምኻድ ኣይንረስዕ!)

ናብቲ ቐንዲ ዘተና ኽንምለስሲ፣ ኣነ ንብዓልቲ ቤተይ ጽጌሬዳ ሒዘላ ናብ ቤት ምስ ዝኸይድ፣ "ንምንታይ እሾኽ ትህበኒ" ኢላዶ ምጐሃየት ወይስ ምተቘዐት? ተሓጒሳ ምስ እትቕበሎኽ፣ እቲ ጽጌሬዳ እንታ ዘይብሉ ስለ ዝኾነ ድዩ? ኣይኰነን! ኣሻ`ኹ ድኣ ይኹን እምበር ነቲ እሻኹነቱ ከይትርኢ ዝገብራ ነገር ኣሎ። ንሱ ድማ እቲ ንዓይንኻ ባህ ዘብል ጽቡቕ መልክዕ ናይቲ ዕንባባ እዩ።

ከም ፍጡር መጠን፣ ሰብ ዘበለ ኹሉ ክፉእን፣ ድኻምን፣ ጕድለትን ስለ ዘለዎ ኵሉ ወዲ ኣዳም እሾኽ ኣለዎ እንተ በልኩ ካብ ሓቂ ኣይረሓቕኩን። ነቲ ኣዝዩ ጥዑም ዝኾነ፣ 'ብሩኽ እንድ'ዩ፣' እንብሎ ሰብ እኳ ኸይተረፈ እሻኹ ቦታ ኣለዎ። እቲ ብጐይታ ዳግም ዝተወልደ ኣማኒ (ክርስትያን) ነዛ ኽንዛረበላ ዝጸናሕና ጽጌሬዳ እዩ ዝመስል። በቲ ዝኣመንናዮ ጐይታ ምኽንያት ኣሻኻነትና ብዘየገድስ መልክዕን ጽባቐን ዘሎና ግሩም ፍጥረት ኢና።

ነታ ኣቐድም ኣቢልና ዝጠቐስናያ ሕቶ ንምምላስ፣ ምስ ኣሕዋት ሓቢርካ ምንባር ቀሊል ኣይኰነን፣ እንተኾነ ግና ጥዑም እዩ። "ደቂ ቅንፍዝ'ሲ፣ ምስ ቆረረን ይጸጋግዓ፣ ምስ ተጸጋግዓ ድማ ይወጋግኣ፣" ከም ዝብሉ፣ ምጕድዳእ

ዘይተርፍ እኳ እንተኾነ፣ ሕብረት ብዙሕ በረኸት ኣለዎ። ጽጌረዳ ክትሕዞ ከሎኻ ከም ገለ እንተ ወግኣካ፣ ካብታ ሓንቲ ኢድ ናብታ ኻልኣይቲ ድኣ ተሰጋግሮ እምበር ሰው ኣይተብሎን ኢኻ። ኣዒንትና፣ ነቲ ኣብ ኣሕዋትና ዘሎ ብዙሕ ሰናይ ነገር እንተ ዝርኢ፣ እሞ ጌጋ ክንርኢ ኸሎና ድማ ብፍቕሪ፣ ብትሑት መንፈስ ንእርምን ንምዕድን እንተ ንኸውንሲ . . . ኣየ! እቲ ሓድነትናስ ከመይ ኰን ምኾነ?!

ሓደሓደ ነዊሕ ዓመታት ናብ ቤተ ክርስትያን ዝተመላለሱ ሰባት፣ በቲ ሓደን ክልተን ሰለስተን እሾኽ ምስ ተወግኡ፣ "እንታይ ኣእተወኒ፣ ኣብቲ ቤተይ'ከ እግዚኣብሄር ኣይሰምዓንን'ዶ ኰይኑ?" ብምባል ኣእጋሮም ይስሕቡ እሞ፣ ብቲቪን ብሬድዮን ቃል ኣምላኽ ክምሃሩን ክከታተሉን ይረኣዩ። ኣሕዋተይ እዚ ዓብዪ ስሕተት እዩ። ብቲቪን ብሬድዮን ትምህርትታት ምክትታል ይከኣል እኳ እንተኾነ፣ ምሉእ በረኸት ኣምላኽ ግና ኣብቲ ሕብረት ኣሕዋት ዘለዎ እዩ ዘሎ።

ገለ ኻልእ ድማ ኣብቲ ዘለውዎ ዓዲ ዝሓብሩላ፣ ናተይ፣ ዝብሉዋ ቤተ ክርስትያን እውን የብሎምን። ግና ኣብ ጉባኤታትን ኣኼባታትን ተኻፈልትን ኣገልገልትን ኰይኖም ትረኽቦም። ኣብ ጉባኤ መጺኻ፣ ምስቶም ካብ ዝተፈላለየ ዓድታት ዝመጹ ኣሕዋት ሕብረት ምግባር ቀሊል እዩ። ኣብታ እትነብረላ ዓዲ ግና ንርእስኻ ኴንካስ ንኻልኦት ዝጠቅም ፍቕሪ ዝመልኣካ ሰብ ኴንካ ምንባር ቀሊል ኰይኑ ኣይንረኽቦን። እንታይ እዩ እቲ ነገሩ?

ኣብ ሓደ ቤተ ክርስትያን ስለ ዘሎና ሓድነት ኣሎና ማለት ኣይኰነን። ናይ ሓቂ ክርስትያናት፣ ሰዓብቲ ክርስቶስ፣ ብሓድነቶም ድኣ እምበር ብማሕበሮም ኣይኰኑን ዝልለዩ። ማሕበር ጉጅለ እዩ ዘመልክት። ብኣንጻሩ ሓድነት ከኣ ምውህሃድ ከምኡ'ውን ፍቕሪ የመልክት።

ሓድነት ክርስትያናት ኣብ መንጎ ኹሎም ክርስትያናት ኣመንቲ ድኣ እምበር ምስ እቶም ባህ ዝብሉኻን እትደልዮምን ጥራይ ምሕባር ማለት ከምዘይኰነ ኣርጊጽና ኽንግንዘቦ ዘሎና ሓቂ እዩ። ምስኦም ክንሓብር ባህ ዘይብለና ክርስትያናት ኣሕዋት እንተ ድኣ ኣልዮም፣ ሕብረት ምስትኣቶም ካብ ሕጂ እንተ ለመድናዮ ይሓይሽ። ምኽንያቱ፣ ኣብቲ ናይ ዘለኣለም ቤትና ንዘለኣለም ምሳና ኽነብሩ እዮም።

## መዘኻኸሪ

ክቡራት ኣሕዋት
ስለቲ ዘይሕለል ጸሎትኩምን ሓልዮትኩምን ከምኡ'ውን ንኣገልግሎት ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን፣ እትገብርዎ ንዋታዊ ደኹን ቁጠባዊ ደገፋት ኩሉ ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።

ከምቲ ዝሓበርኩምና፣ እቲ ኣብ መበል 21 ዓመታዊ ጉባኤን ቅድሚኡን ዝተማባጸዕኩሞ